# ፪ይ ሰንበት ዘአስተርእዮ

## ጥሪ 25 2017 ዓ.ም. (2/02/2025)

ኃይሊ ናይ እቲ ዘይቀየር ቃል ኣምላኽ ኣብ ተቐያያራይ ዓለም ወድሰብ የድልየና ኣሎ።

**መዝሙር:** እሙን ኮነ ልደቱ...ናይ መድኃኒና ክርስቶስ ልደት ሓቂ እዩ፥ ልደቱ ብሓቂ ኮይኑ እዩ፥ ካብ ሰማያት ወሪዱ ብመላእኽቲ ተመስጊኑ ካብ ማርያም ተወሊዱ፥ ኣብ ቤተልሔም ተወልደ ኣብ ናዝሬት ተሓጸነ ብግሁድ ከአ ተገልጸ፥ ንሱ ኣኽሊል ናይ ሰማዕታት መድኃኒ ነገስታት ጓሳ ኣጎዛብ እዩ። እሙን ኮነ ልደቱ ብርሃን ኮነ ምጽኣቱ ናይ መድኃኒና ክርስቶስ

**ንባባት:** 1ቆሮ 12፡12-30፥ 1ዮሓ 5፡9-ፍ፥ ግ.ሓ. 13፡20-27፥ ማቴ 4፡12-ፍ።

**ምስባክ:** እግዚአብሔር እግዚእ አስተርአየ ለነ፥ግበሩ ብዓለ በትፍሥሕት በኃበ እለ ያስተሓምምዎ፥ እስከ አቅርንቲሁ ለምስዋዕ።

ልደት ክርስቶስ ብሓቂ ኣብ ታሪኽ ዝተፈጸመ እዩ ዝተማህዘ ወይ ሰባት ክጥዕሞም ኢሎም ዝፈጠርዎ ኣይኮነን። ናይ ብሓቂ ኮይኑ ኣብ ሕይወት ደቂ ሰባት ለውጢ ዘምጽአ እዩ። ሰባት ነዚ ሓቂ እዚ ክኣምኑ ዝተሓርዩ እዮም።

ንሎሚ ዝሰማዕናዮ ቃል ኣምላኽ ዘቕርበልና ቃል ኣምላኽ ማእከል ኲሉ ነገርናን ፍሉይነቱን ኣብ ኣመንቲ ይገልጸልና። ኣብ መጽሓፍ ነህምያ 8፡1-20 ዘሎ እንተ ኣንበብና እቶም ካብ ስደት ዝተመልሱ ኣይሁድ ኵሉ ዓንዩ ብዝያዳ ቤተ መቕደስ ዓንዩ ምስ ረአዩ ብጣዕሚ ጉህዮም። ዕዝራ እቲ ካህንን ጸሓፍን ቃል ኣምላኽ ከንብበሎም ነቶም ተአኪቦም ዝነበሩ ምስተሓተ ብዓቢ ኣኽብሮት ካብ ቅዱስ መጽሓፍ ኣንቢብሎም ሽው ጸለዩን እቶም ሌዋያን ከአ ገለጹሎም።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ ኢየሱስ ኣብ ቤት ምኵራብ ኣይሁድ ኣትዩ ነቶም ዝሰምዕዎ ዝንበሩ ከመይ ገሩ ልቦም ከም ዝተንከፈ ይነግረና። እቲ ፍሉይ ነገር ኣብዚ እንርእዮ ኢየሱስ ብዙዕባ መደብ ተልእኮኡ ገሊጹ፥ ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቐብአኒ መንፈስ እግዚአብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎ፥ ንምሩኻት ምምላስ፥ ንዕዉራት ምርአይ፥ ንግፉዓት ምውፃእ ሓራ ከበሥር፥ ሕርይቲ ዓመት እግዚአብሔር ክሰብኽ ለአኸኒ።

ኢየሱስ ኣብዚ ዓለም ዝመጽአ ወንጌል ክሰብኽ እዩ በዚ እዩ ኸአ ካብ ነብይ ኢሳያስ (61፡12) ጠቒሱ እዚ ዝተነበ ሎሚ ኣብ ኣዛንኩም ተፈጸመ ዝበሎም። ንሱ እቲ ቃል ከም ዝኾነ ገሊጹ ኣብ መንጎ ደቅሰብ ከአ ኃደረ። እዚ በቲ ዝበሎ ቃል ጥራሕ ኣይኮነን ተረጋጊጹ በቲ ዝገብሮ ዝነበረ እውን ኣረጋጊጽዎ እዩ። ክርስቶስ ነዚ ካብ ኢሳያስ ዘንበቦ እምብአር ተልእኾኡን ኣገልሎቱ ክእውጅ እንከሎ ናይ ሰላም ግዝአት፥ ርትዒ፥ ሓርነትን ፍቕርን ንኹሎም እቶም ብዝተፈላለየ ግፍዕን ዓመጽን ዝሳቐዩ ዘምጽእ ምዃኑ ገሊጹ።

ቃል ኣምላኽ ኵሉ ጊዜ መጠን ዘንበብናዮ ኣብ ልብና ሓጎስና ከብዝሓልና ካብ ጸልማት ነጻ ክገብረናን ይግባእ። ቃል ኣምላኽ ናይ ኣምላኽ ድለት እንታይ ከምዝኾነ ብጭቡጥ ምልክታትን ኣምሳልን ንሕና ብእንርድኦ ገሩ ይገልጸልና። እዚ ምልክታትን ኣምሳልን ኣብ ውሽጦም ኣብ ሕይወትና ለውጢ ዘምጽእ ኃይሊ ኣልኦም። ልዕሊ ኹሉ ኣብኡ ኢየሱስ እቲ ዘለዓለማዊ ቃል ዝኾነ ይግለጽ።

እስራኤላውያን ቃል ኣምላኽ ምስ ሰምዑ ዓቢ ሓጎስ ተሰሚዕዎም። ኣብ ወንጌል ንኢየሱስ ምስ ሰምዕዎ በቲ ካብ ኣፉ ዝወጽእ ዝነበረ ጸጋ ዝመልአ ቃላት ተደኒቖም። ቃል ኣምላኽ ምስ ሰማዕካ/ኪ እንታይ እዩ ኣባኻ/ኺ ዝርአ። ኣብ ኣብያተ ክርስትያናትና እንተ ረአና ብዙሓት ንዝንበብ ቃል ኣምላኽ ኣይሰምዕዎን

እንታይ ከም እተነበ ዘስተውዕሉ ብዘይመጠን ውሑዳት እዮም። ብዙሓት ቃል ኣምላኽ ክሰምዑ ከለዉ ደስ ኣይብሎምን ብፍላይ ንስብከት ይጸልኡ ስለዚ ቀልጢፍም ይወጹ ድሕሪ ወንጌል ወይ ድሕሪ ስብከት ይወጽኡ፥ ገለ ኸኣ ኣብ ጊዜ ስብከት ይድቅሱ ወይ ይታኸሱ፥ ገለ ኸኣ እናሰምዑ ሓሳቦም ቀልቦም ኣብ ካልእ ይኸይድ ዝሰምዑ ይመስሉ ግን ሰውነቶም እዩ ዘሎ እምበር ኣብ ካልእ እዩ ዘሎ መንፈሶም።

ኣብ ገለ እዋናት ቃል ኣምላኽ ክሳብ ክንደይ ክቡር ከምዝኾነ ንርስዕ ኢና ነዚ ኣብነት ክኾነና ነዚ ታሪኽ ንስማዕ። ብ1964 መንግስቲ ሮማንያ እሱራት ሃይማኖትን ፖሎቲካን ፈቲሑ። ካብዚኦም ሓደ ሪቻርድ ዉርምብራንድ ዝብሃል ካብተን 14 ዓመት ዝተኣሰረን 3 ዓመት ንበይኑ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶይ ጸባብ ክፍሊ ኣሕለፍዎ። ኣብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ In God's Undergrawnd (ገጽ 106-107) ኣብ ዘሎ ክገልጽ እንከሎ ሓደ መዓልታ ሓደ ሓዲስ እሱር ኣቭራም ዝተባህለ መጺኡ። ሰውነቱ ብምልኡ ብምቕጥቃት ምስቲ ዝነበሮ ጨርቃም ክዳኑ ለጊቡ እዩ ነሩ። እቶም ዘብዓኛታት ኣብቲ ክፍሊ ማእሰርቲ ምስ ደርበይዎ ካብቲ ሓቢእዎ ዝነበረ ሓደ ኣረጊት መጽሓፍ/ወረቐት ወዲቑ። እቶም እሱራት ንዓመታት መጽሓፍ ርእዮም ኣይፈልጡን እዮም ነሮም። መጽሓፉ እንታይ ከምዝኾነ ሓቲቶሞ፥ ወንጌል ዮሓንስ እዩ ነሩ። ዉርምብራንድ ኣብ ዝጸሓፎ ኣብ ሕይወቱ ከምዚ መጽሓፍ ገሩ ዝለወጠ ኣብ ሕይወቱ ኣይነበረን ወላ እቲ ሕይወት ዘድሕን መድኃኒት እውን ከምኡ ኣይለወጦን። ካብታ መዓልቲ እዛ ኣረጊት መጽሓፍ ኣብ ኵሎም እሱራት በጺሓ ገሊኦም ቃል ንቓሉ ኣጽኒዖሞ፥ መዓልቲ መዓልቲ ኣብ መንግኦም ይካትዑሉ ነሮም። ንኵሉ ኩነታቶምን መንፈሶምን ለዊጥሎም። እዚ ዘዘኻክሮ ኣብ ገለ እዋን ጥቕሚ ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ ሕይወትና ንዝንግዖ ኢና ግን እንተ ኣንበብናዮ ዓቢ ለውጢ የምጽኣልና።

፪ይ ጉባኤ ቫቲካን ጥቕሚ ቅዱስ መጽሓፍ ክገልጽ እንከሎ ቤተ ክርስትያን ከምቲ ንሰውነት ክርስቶስ እተኽብር ከምኡ ንቅዱስ መጽሓፍ ከኣ ተኽብሮ (ቃል ኣምላኽ 11) እዚ ግን ብሓደ ዓይነት ኣምልኾ ኣይኮነን። ትምህርቲ ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን ኣብ ቍ. 103 ሓደ ዓይነት ኣገላልጻ ይደግም። ኢየሱስ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ስለ ዘሎ ተኽብሮዶ? ኦሪጀን ዝተባህለ ጽሓፋይን ሰባኻይን ከምዚ እናበለ ይገልጽ፡

ንሰውነት ጎይታ ብዝበለጸ ኣኽብሮትን ተገዳስነትን ኢኹም ተቐቢልኩም ዘሎኹም ስለዚ ወላ ንእሽቶይ ርፍራፍ ትውደቕ ብዓቢ ኣኽብሮት ክተልዕልዋ ይግባእ። ንቃል ኣምላኽ ከኣ ብሓደ ዕይነት ኣኽብሮት ክትግደሱሉ ይግባእ፥ እታ ዝንእሰት ቃል እውን ኣብ መሬት ከይትወድቕ እሞ ከይትጠፍእ ክትግደሱላ ይግባእ ይብል።

መስዋዕቲ ቅዳሴ ክነዕርግ ከሎና ነዚ የዘኻክረና ኣብኡ ቃል ኣምላኽን መስዋዕተ ቅዳሴን ንካፈል። መጀመርያ ቃል ኣምላኽ ንምገብር ቀጺልና ሰውነት ክርስቶስ ንምገብ።

ከም ክርስትያን ንክርስቶስ ኣብ ሕይወት ሰባት እነምጽእ ንሕና ኢና እዚ ከኣ ወንጌል ብምስባኽን ብምምስካርን እዩ፥ ከም ዕዝራ ንእስራኤላውያን ዘምጽኣሎም ንሕና እውን ንሰባት ኣብ ሕይወቶም ለውጢ ከምጽኡ ቃል ኣምላኽ ክነምጽኣሎም ኣሎና። ኣብ ቀልጢፉ ዝለዋወጥ ዓለም ኢና እንነብር ዘሎና ስለዚ ዘይልወጥ ቃል ኣምላኽ ክነምጽእ ኣሎና። ድኻታትን ሕዙናትን ዘጸናንዕ ቃል ኣምላኽ ይደልዩ፥ ኣብ መንገና ኣፍልጦ ዝጎድሎም ዘብርህ ቃል ኣምላኽ የድልዮም፥ ሕሙማት ዘሕዊ ቃል ኣምላኽ የድልዮም። በዚ ኢና ኣብሰርቲ ቃል ኣምላክ ክንከውን ዘሎና። ኣብኩሉ ሕይወት ደቂ ሰብ ቃል ኣምላኽ ከም ዝስማዕ እንገብር ንሕና ኢና።

ቅ. ጳውሎስ በዚ ምኽንያት ንማሕበር ክርስትያን ምስ ሰውነት ሰብ እናኣወዳደረ ኣድላይነት ቃል ኣምላኽ ይገልጸልና። ሰብ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ቆይሙ እንከሎ ነፍስወከፍ ኣካል ፍሉይ ኣገልግሎት ንምልእ ሰውነት ዘገልግል ይገብር። ክርስትያን ከም ሓደ ሰውነት ዝተፈላለየ ጥቕምታትን እንበጽሑ ዓላማን ኣሎና። እዚ ጥቕምታትን ዓላማን ግን ምስቲ መንፈሳዊ ውህበት ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልናዮ ኣተሓሒዝና ክንርእዮ ኣሎና።

ጳውሎስ ሓድነት ለቢስና ብሓባር ከም ሰውነት ክርስቶስ ክንዓዪ የተባብዓና። ነዚ ክንፍጽም ናይ ነፍስወከፍ ሰብ አድላዪነት ወይ ጥቕሚ ክንሓስብ አሎና። አብ ማሕበር ክርስቶስ ዕርቂ፥ ምርድዳእ፥ ሓቅን ምክብባር አድሕድን ክህሉ ይግባእ።

ስለዚ አብ ሕይወትና እንታይ አሎኒ ብፍሉይ አነ ከበርክቶ ዝተወሃብክዎ ወይ ክገብሮ ዘሎኒ ኢልና ንርእስና ክንሓትት አሎና። ንአብነት አብ ምሕደራ ወይ መምህር ወይ አውቲስታ፥ ሓኪም፥ ካህን፥ ኮና ነገልግል ኢና ኵሉ ግን ንህንጸት ህዝቢ አምላኽ እዩ። በቲ ዘሎና ክነገልግል ወንጌል ክንሰብክ እንከሎና ሽው ቃል አምላኽ አብ ኵሉ ይበጽሕ አሎ ክንብል ንኽእል። ንክርስቶስ አብ ቤት ስራሕና አብ ቤት ትምህርቲ ልዕሊ ኹሉ አብ ስድራናን ሓዳርናን ክነምጽኦ አሎና። ሎሚ ንክርስቶስ ነቲ ቃል አምላኽ አብ ዓለም ብዙሓት አሕዋትና ከምዝፍለጥ ንገበሮ።

ንቃል አምላኽ ከመይ ንሰምዖ? አብ ነፍሲ ወከፍ ሰንበት አብዚ ክንመጽእ እንከሎና ቃል አምላኽ ንሰምዕ። ንገዛና ክንምለስ እንከሎና ካብ ዝሰማዕናዮ ንገዛና ክንወስድ፥ ቃል አምላኽ ክነንብብ ይግባእ። ንርእስና ዝተነበ ቃል አምላኽ ምስ ሰማዕና አምላኽ እንታይ ይብለኒ አሎ ኢልና ክንሓትት አሎና። ንቃል አምላኽ ዘይንሰምዕ እንተ ኾና ክነግር ክንሰብኽ አይንኽእልን ኢና። ቤተ ክርስትያን አብ ቅዱስ መጽሓፍ ባዕሉ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ዝዛረበና ትብለና (ቅዱስ ጉባኤ 7)። ስለዚ ንቃል አምላኽ ዘንብብ ከም ዝስማዕ ክገብር አለዎ። አምላኽ ብአይ አቢሉ ከም ዝዛረብ ክገብር አሎኒ። ብቃልና ብድምጽና ብአቋቑማና ብኹሉ ገሩ ኢየሱስ ንሰባት ይዛረቦም።

ቅ. መጽሓፍ አብ ገዛውትና ክነንብቦ ከሎና ቃል አምላኽ ንሰምዕ። አብ ነፍሲ ወከፍ ዕለት ንአእምሮና ብቃል አምላኽ ክንምግቦ ይግባእ። አብ ስድራ ቤት ከም ናይ ስድራ ጸሎት ብሓባር ከንብብዎ ዝበለጸ እዩ። ቅ. መጽሓፍ ከፊትና ሽምዓ ወሊዕና ነንብቦ እዚ ኽአ አብ ቅድሚ ኢየሱስ ነንብቦ ከምዘሎና ክንሓስብ እዩ። ቅ. መጽሓፍና አብ ገዛና አብ ዝርአን ፍሉጥን ቦታ ነንብሮ ብቐሊል ክንርእዮን ክነንብብ ክንዝክር ምእንትን።

ቅ. ጎርጎርዮስ አብ ዝጸሓፎ ቅ. መጽሓፍ ናይ ፍቕሪ መልእኽቲ ካብ አምላኽ ንህዝቡ እዩ፥ አብኡ ልቢ አምላኽ ክንርዳእ ንኽእል ይብል። ናይ ፍቕሪ መልእኽቲ አምላኽ ንአኻ ዝኾነ ዕለት ዕለት አንብቦን ስምዓዮን። ቅ. ጂሮም ከም ዝብሎ ኸአ ድንቍርና ቅዱስ መጽሓፍ ድንቍርና ክርስቶስ እዩ። ቃል አምላኽ አብ ቅ. መጽሓፍ ምሕረት የምጽአልን አብ ሕይወት ንዝጓነፉና ጸገማት ከም እነሸንፍ ይገብረና።

አብ መዝ 119፡105 ቃልካ ንስጉምተይ መብራህቲ ንመገደይ ብርሃን እዩ ከም ዝበለ አእምሮና ዕለት ዕለት ብቅ. መጽሓፍ ንመግቦ ናይ ፍቕሪ መልእኽት ካብ አምላኽ እዩ።

ክርስቶስ ሎሚ ባዕሉ ከም ዝብለና ቃሉ እንተ ሰማዕና ሓራ ክንወጽእ ኢና እዚ ኸአ መጀመርያ ካብ ባዕልና ዘምጻእናዮ ባርነት ገዛእ ኃጢአትና። እዚ አብ ሕይወትና ደጋጊምና ባዕልና እነምጽኦ እዩ ካብኡ ሓርነት ክንለብስ የድልየና። ሳዕበኑ ብመንፈስ ንስደት፥ ንዓውር ንጸምም። ንመንፈሳዊ ሕይወትና የሕምሞ፥ ልብና አንጻር አምላኽን ዝኾነ ጽቡቕ ነገርን ይኸይድ። ካብዚ ባርነት ሓራ ከውጽአና ዝኽእል ክርስቶስ ጥራሕ እዩ። ነዚ ክንበጽሖ ነቲ ሰናይ ዜና ክንቅበል አሎና። ዕርቂ ምስ ክርስቶስን ምስ ርእስናን ክንደሊ አሎና።

ኦ አምላኽ ቃልካ ክንሰምዕ ጸጋኻ ዓድለና ንበሎ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ